*__ብደምኩም ለሚዑ__ ።*

*እቲ ጽሩይ ደም፡ ደም ተጋዳላይ፡*

*ደም እቲ ስሩዕ ኣብ ከተማ ኣገልጋላይ፡*

*ዓቀኑ ርእይርዮ መሲሉ ቀላይ።*

*ደምታ ንጽህቲ ናይ ሜዳ ስልፍቲ፡*

*ብፍቕሪ ሃገራ ኣዚያ ሕብንቲ፡*

*ሰጋእ ከይበለት ንሃገር ውፍይቲ።*

*ደምም ደም እቶም ንጹሃት፡*

*ዝወፈዩ ሂወቶም ምእንቲ ቡዙሓት፡*

*ይርኣዩኒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት።*

*ደምኩም ሃፊፉ ዓሪጉ ሰማይ፡*

*ሕብሩ ቀይሩ ርእዩዎ ሕልናይ፡*

*ደበና መሲሉ ኣዋህሊሉ ማይ።*

*ሓጋይ ሓሊፉ ምስኮነ ክረምቲ፡*

*ዝናም ኮይኑ ይወርድ ንታሕቲ፡*

*ዝነቕጸ መሬት የለስልስ የስቲ።*

*ኣግራብ ጠጢዑ ለሚዑ ሳዕሪ፡*

*ህዝቢ የሰላስል ኣሎ ሓምላይ ወፍሪ፡*

*ብግብሪ ክቱርጉም ተሰከሞ ሕድሪ።*

*ደምኩም ዝዛረዮ ኣኽራናት ጎላጉል፡*

*ዛላታት ከትርታት ተሰሪሑሉ ማይ ከዋህልል፡*

*ፍጡር ኩሉ ክምለስ ናብ ንቡር።*

*ጣሕሲሱ ዝነበረ ኣግራብ ለሚዑ፡*

*ጊያጽ ዝነበረ ኮረቢት ኣጉላዕሊዑ፡*

*ሳላ ንጹህ ደምኩም ኩሉ ተሰሪዑ።*

*ጸወታ ሰሓቕኹም ኩሉ ትዝ እብለኒ፡*

*ኣብ ጎነይ ብኣካል ዘለኹም ኮይኑ ይስማዓኒ፡*

*መንፈስኩም ግን ህያውዩ ኣበይ ክይከደኒ።*

*ሰነ 20 ተወሰነት ክትብዓል ንኽብርኹም፡*

*ንኽብሪ ዝፈሰሰ ንጹህ ደምኩም፡*

ንክብሪ ተኸስከሰ ብሉጽ ኣዕጽምትኹም።

ነብዕላ ኣሎና ሰሚና መዓልቲ ሰማእታት፡

ተኣኪብና ዓበይቲ ምስ ህጻናት፡

ንስለ ክብሩኹም ክብሪ እቶም ሕቡናት።

እቲ ጸልማት ድነ ኮይኑ ነበረ፡

ብመስዋእትኩም ኣብ ብርሃን ተቐየረ፡

ስምኩም ነባሪ እዩ እናተዘከረ።

—————o—————